# ደገፍ ንማሕበረሰብ ስደተኛታትን ሐተትቲ ዑቕባን ኣብ ዋልታሃም ፎረስት

እዚ ሓበሬታ እዚ ብኤለክትሮኒካዊ መገዲውን
እዩ ቀሪቡ ኣሎ ። ኣብ ስማርት ተለፎንኩም
ካሜራ ምስጸቀጥኩምምስወላዕልኩም፡
ብድሕሪኡ ናብቲ ኮድ ኣመልክቱ ።

ETHIOPIA / TIGRINYA



# ኣገልግሎት ጥዕና

ሃገራዊ ኣገልግሎት ጥዕና ነቶም ኣብ ዩናይትድ ኪንግደም ዚነብሩ ሰባት ኣገልግሎት ጥዕና የቕርብ/ይህቦም ። መብዛሕትኡ እዚ ኣገልግሎት እዚ ብናጻ እዩ ዚዋሃብ ።

## ዶክተር (ሐኪም)

ኵሉ ሰብ ብናጻ ናብ ሓደ ኣብቲ ኸባቢ ዚርከብ ሓኪም ከይዱ ናይ ምርኣይ መሰል ኣለዎ። ናይ ምዝገባ ፎርም ክትመልእ የድልየካ፡ መረጋገጺ መንነት ስደተኛታት ወይ ናይ ገዛ/ቤት ኣድራሻ መርትዖ ኸተቕርብ እንተ ዘይክኢልካ ሐኪም ምርኣይ ክትክልከል የብልካን። ሐኪም (ጂፒ) ናትካ/ኪ መላለዪ (ምስ ካልኦት ትራኸበሉ) ምስ ካልኦት ትካላት ጥዕና ብዛዕባ ኣካላውን ኣእምሮኣውን ጥዕና ዜተሓሳስበካ ጒዳያት እንተልዩካ ንመጀመርታ ግዜ ኽትራኸበሉ እትኽእል ነቑጣ እዩ። ናብ ክኢላታት ኣገልግሎት ሆስፒታል ከሰጋግሩኹ (ሪፈር ክብሉኻ/ኺ) ይኽእሉ እዮም። ኣብ ቈጸራኻ/ኺ ኣስተርጓሚ ኽትሓትት ትኽእል ኢኻ/ኺ።

ሓኪም ንምርካ :

www.nhs.uk/service-search/find-a-GP

0300 311 2233

## ሓኪም ስኒ

ገሊኦም ሓካይም ስኒ ብናጻ ናይ ኤች. ኤን. ኤስ. ሕክምና ይህቡ እዮም። ምስ ሓኪም ስኒ ኽም ተጠቃማይ ኤች. ኤን. ኤስ. ክትምዝገብ ኣለካ፡ ደገፍ (በነፊት) ከምትረክብ ድማ ክትሕብሮም ኣለካ፡ ትገብሮ ናይ ሕክምና ምርመራታት ኣገደስቲ ፍወሳታትን ብነጻ ክትረክብ ።

ሓኪም ንምርካ :

www.nhs.uk/service-search/find-a-dentist

0300 311 2233

## ህጹጽ ኩነታት/ድንገት (ምስ ዘጋጥም)

ቅልጡፍ ሕክምና እንተ ደሊኻ ናብቲ ኣብ መዓልቲ 24 ሰዓት ዚኽፈት ክፍሊ ሓደጋን ህጹጽ ኵነታትን ሆስፒታል ክትከይድ ኣሎካ። ከቢድ ሕማም እንተ ሓሚምካን ክትጐዓዝ እንተ ዘይክኢልካን 999 ብምድዋል ኣምቡላንስ ክትድውል ትኽእል ኢኻ። ኣስተርጓሚ ኽትሓትት ትኽእል ኢኻ ።

ናይ ስደተኛታት መንበሪ ፍቓድ እንተ ዘይብልኩም ንህጹጽ ዘይኰነ ሕክምና ኽትከፍሉ ኣሎኩም። ክፍሊት ዚሓትት ደብዳበ እንተ ተቐቢልካ እሞ ኽትከፍል እንተ ዘይክኢልካ ካብቲ ኽፍሊት ነጻ ምእንቲ ክትከውን ከመልክትልካ ኺሕግዙኻ በጃኻ ምስ wfsaveournhs@gmail.com ተራኸብ። ይኹን እምበር ቀልጢፍካ ስጉምቲ ኽትወስድ ኣሎካ ። ልዕሊ £500 ፓውንድ ዘይተኸፍለ ዝኾነ ይኹን ዕዳ ናብ ቤት ጽሕፈት ሆም ኦፊስ ጸብጻብ ክወሃብ ይከኣል ኢዩ ።

ኣብ ፈይስቡክ እውን በዚ ክትራኸብ ትኽእል ኢኻ www.facebook.com/SaveWalthamForestNhs/

### ነጻን ስቱርን ኣገልግሎት ናይ ስነ ኣእምሮ ሕክምና

ኣብ ዋልታም ፎረስት ሕክምና (ተራፒስ) ምውሳድ ነጻን ሚስጥራዊ/ስቱርን ኣገልግሎት

talkingtherapies.nelft.nhs.uk/waltham-forest-/

0300 300 1554 (option 4)

wf.talkingtherapies@nhs.net

wfmigranthub.org/mental-health-services/



# ትምህርትን ደገፍን ንቆልዑት

ኣብ ዩናይትድ ኪንግደም ትምህርቲ ብናጻ እዩ ዚዋሃብ፡ ኵሎም ቈልዑ ድማ ካብ ደቂ 4 ወይ 5 ኽሳዕ 16 ዓመት ናብ ቤት ትምህርቲ፡ ኪኸዱ ኣለዎም ። ካብ 16 ኽሳዕ 18 ዝዕድሚኦም ቈልዑ ኣብ ቤት ትምህርቲ፡ ኣብ ስራሕ፡ ኣብ ስልጠና ወይ ስራሕ ክህልዎም ኣለዎ ።

## ቤት ትምህርቲ

መባእታዊ ቤት ትምህርቲ (5-11 ዓመት)፡ ካልኣይ ደረጃ ትምህርት (12-18 ዓመት) ብናጻ እዩ ዚወሃብ። ኣብ ጥቓ ቤትካ ኣብ ዚርከብ ቤት ትምህርቲ ምእንቲ ኽትምዝገብ ምስቲ ቤት ትምህርቲ ኽትራኸብን ቅጥዒ/ፎርም ክትመልእ ኣለካ። ኣብዚ ኣኼባ እዚ ኣስተርጓሚ ኺቐረበልካ ይከኣል እዩ ። ትሑት ኣታዊ ንዘለወን ስድራ ቤታት ዩኒፎርም ቤት ትምህርትን ብናጻ ምግብን ኪረኽባ ይኽእላ እየን ።

Go online or phone:

www.walthamforest.gov.uk/schoolseducation-and-learning/apply-school-place

020 8496 3000

## 5 ደገፍ ስድራቤት፡ ነጻ ክንክንቲ ቆልዑ ዘጠቓለለ ንትሕቲ 5 ዝዕድሚኦም

እቲ ናይ ቀልጢፍካ ዝጅመር ሓገዝ ኣገልግሎት ነቶም ካብ 0 ክሳዕ 19 ዝዕድሚኦም ቈልዑን መንእሰያትን ዘለዉዎም ስድራቤታት ዝድግፍ ኢዩ ። ምኽሪ ኺህቡኻን ምስቲ ኣብቲ ኸባቢ ዚርከብ ኣገልግሎት ደገፍ ዝህቡ ኬራኽቡኻን ይኽእሉ እዮም።

እቲ ናይ ቀልጢፍካ ዝጀመር ኣገልግሎት ኣብ ሰሰሙን ኣብ ማእከል ቈልዑን ስድራ ቤትን ብናጻ ምኽሪ ዚህብ ኣገልግሎት የካይድ እዩ ፤ ብኣካል ከይድካ ሕቶታት ክትሓትትን ደገፍ ክትረክብን ትኽእል ኢኻ ።

9:45 ክሳብ 11:15am

ሰሉስ ኣብ ለይተን፡ 215 Queens Road, E17 8PJ

ረቡዕ ኣብ ቺንግፎርድ፡ 5 Oaks Grove, E4 6EY


ሐሙስ ኣብ ዋልታምስቶው፡ 313 Billet Road, E17 5PX

ዓርቢ ኣብ ለይቶንስቶን፡ 2-8 Cathall Road, E11 4LF

ኢመይል:

earlyhelp@walthamforest.gov.uk or childcare@walthamforest.gov.uk

ኵሎም ጽጉማት ቈልዑ (እንተላይ እቶም ካብ መንግስቲ ገንዘብ (ደገፍ) ዘይረኽቡን) ሕጂ ን15 ሰዓት ብናጻ ናይ ህጻናት ምክንኻን ክረኽቡ መሰል ኣለዎም።



# መንበሪ ገዛ

ኣብ ዩናይትድ ኪንግደም እተወሰነ እተፈላለየ ኣማራጺታት ኣባይቲ ኣሎ።

1. ንቤት ምኽሪ (ናይታ ሎካል ካውንስል) ብዛዕባ ሐገዝ ኣባይቲ ክትሓትት የድልየካ ይኸውን።

ኢመይል or ተሌፎን:
housing.advice@walthamforest.gov.uk
020 8496 4197

2. ካብ ዋና ገዛኻ ኣፓርታማ ገዛ ወይ ክፍሊ ኽትካረ ትኽእል ኢኻ። ትካረዮ ገዛ ንኽትረክብ www.rightmove.co.uk ወይ www.spareroom.co.uk ዝኣመሰለ ወብ ሳይታት ክትጥቀም ትኽእል ኢኻ ። ክራይ ገዛ ንምኽፋል ከም ዩኒቨርሳል ክሬዲት ዝኣመሰለ ናይ መንግስቲ ደገፍ (በነፊት) ክፍሊት ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

## ናይ ገዛ ደገፍ ግዳም ሓደርነትን

ግዳም ሓደር ክትከውን ትኽእል እንተ ኴንካ በጃኻ ምስ ኣገልግሎት ኣባይቲ ተራኸብ።

ኢመይል or ተሌፎን:
housing.advice@walthamforest.gov.uk
020 8496 3000

## ካልእ ደገፍ ኣባይቲ/ገዛ

ኣገልግሎት ምኽሪ ኣባይቲ/ገዛ መስመር ተሌፎን - 07743 099963 ። እቲ መስመራት ሰሉስን ረቡዕን ሓሙስን ካብ ሰዓት 10 ናይ ንግሆ ክሳዕ ሰዓት 12 (ፋዱስ) ድሕሪ ቐትሪ እዩ ዚኽፈት ።
WF ማይግራንት ኣክሽን ሳፖርት ሰንተር (ማእከል ግብራዊ ደገፍ ንስደተኛታት) ፡-
ዓርቢ 10 ናይ ንግሆ ኽሳዕ ሰዓት 12 30፡
ኣዳራሽ ቤተ - ክርስትያን ብላክሆርስ ሮድ
ባፕቲስት 65 መገዲ ብላክሆርስ
E17 7AS.
ተሌፎን : 07496 394 175

ብዛዕባ ሓደ ብሕታዊ ዋና ገዛ ወይ ብዛዕባ ኹነታት እቲ እትነብረሉ ንብረት ጉዳይ እንተሊዩካ ሓገዝ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ ።

9 ናይ ንግሆ ክሳብ ሰዓት 12:30 ኣብ

ብኣካል: ዓርቢ ካብ ሰዓት 9 ናይ ንግሆ ክሳብ ሰዓት 12:30 ኣብ (ዉድ ስትሪት ላይብረሪ) Wood Street Library, 1 Troubridge Square, E173HB

ኢመይል or ተሌፎን:
propertylicensing@walthamforest.gov.uk
020 8496 4949



# ሰባዊ ድሕንነትን ስደትን

መንግስቲ ነቶም ኪሰርሑ ዘይክእሉ ስራሕ ዚደልዩ ወይ ትሑት ኣታዊ ዘለዎም ሰባት መሰረታዊ ናይ ድሕንነት ክፍሊት ይህቦም እዩ ። ናይ ጥቕምታት ክፍሊት ንምርካብን ቍጽሪ ሃገራዊ መድሕን (ናሽናል ኢንሹራንስ) ንምርካብን ኣብ ዩናይትድ ኪንግደም ናይ ምንባርን ናይ ምስራሕን ናይ ትምህርቲ መሰል ክህልወካ ኣለዎ ።

## ዩኒቨርሳል ክረዲትን ቁጽሪ ሃገራዊ መድሕን (ናሽናል ኢንሹራንስ)

ዩኒቨርሳል ክረዲት ንዓኻን ንስድራ ቤትካን ኣብ ዩናይትድ ኪንግደም ንኽትነብር ዚሕግዘኩም ካብ መንግስቲ ዚኽፈል ክፍሊት እዩ። ወርሓዊ ስለ ዚኽፈል ብኢንተርነት ኣቢልካ ኽተመልክት ኣሎካ። ኣብ ዩናይትድ ኪንግደም ክትሰርሕ ወይ ረብሓታት ክትረክብ እንተ ደሊኻ ቍጽሪ ሃገራዊ መድሕን እውን ኪህልወካ ኣለዎ። እዚ ፍሉይን ብሕታውን ቍጽሪ እዩ ። ሓያሎ ሰባት መመልከቲ ወረቐት ምስ ኣእተዉ ንኺመጾም ካብ 2-6 ሰሙን እዩ ዚወስደሎም። ብፖስታ ኣቢሉ እዩ ክላኣኸልካ ።

ነቲ ብኢንተርነት እተዳለወ መመልከቲ (ፎርም) ምስ ወዳእካዮ ናብቲ ኣብ ከባቢኻ ዚርከብ ማእከል ስራሕ (ጆብ ሰንተር) ክትከይድ ዜድልየካ እንተ ኾይኑ እቲ ወብ ሳይት ኪነግረካ እዩ። ናብ (ጆብ ሰንተር) ማእከል ስራሕ ክትከይድ ከለኻ ስራሕ ንኽትረክብ ዚድግፈካ 'ኣማኻሪ ስራሕ' ክትረክብ ኢኻ። ኣብ ኣብ ጆብ ሰንተር ንዝግበር ቆጸራ ኣስተርጓሚ ኽትሓትት ትኽእል ኢኻ ። እንታይ ክትገብር ከም ዘሎካ ክትፈልጥ ኣገዳሲ እዩ፡ ወይ እቲ እትረኽቦ ገንዘብ ኬቋርጽ ከም ዚኽእል ክትርዳእ ኣገዳሲ እዩ ።

ብኢንተርነት:

www.gov.uk/universal-credit

ካብ ሲቲዘን ኣድቫይስ ከመይ ጌርካ ምኽሪ ከም ትሐትት:

0800 144 8444
(ካብ 8 ንግሆ ክሳብ ሰዓት 6 ናይ ምሸት ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ)

## ናይ ቖልዑ ክፍሊት (ቻይልድ በነፊት)

ንቈልዑ ክፍሊት (በነፊት) ንቈልዑ ንኽትከናኸን ዚሕግዘካ ኻብ መንግስቲ ዚኽፈል ክፍሊት እዩ ። ሓደ ወላዲ ንነፍሲ ወከፍ ትሕቲ 16 ዓመት ወይ ትሕቲ 20 ዓመት ዝዕድሚኡ ውሉድ ኣብ ትምህርቲ እንተ ድኣ ኣትዩ ረብሓ ክረክብ ይኽእል ኢዩ ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ 4 ሰሙን እዩ ዚኽፈል ። ናይ ቈልዑ ክፍሊት/ረብሓ ኣብ ሰሙን ዳርጋ 18 ፓውንድ ኢዩ ። ነዚ ሓድሽ ሕቶ/ጠለብ ተጻፊፉ ክሳብ ዝውዳእ 14 ሰሙን ኪወስድ ይኽእል እዩ ።

ብኢንተርነት:

www.gov.uk/child-benefit

ካብ ሲቲዘን ኣድቫይስ ከመይ ጌርካ ምኽሪ ከም ትሐትት:

0800 144 8444
(ካብ 8 ንግሆ ክሳብ ሰዓት 6 ናይ ምሸት ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ)

## ምኽሪ ብዛዕባ ጉዳይ ዑቕባኻ (ስደትካ)

ዎልታም ፎረስት ማይግራንት ኣክሽን ብዛዕባ ስደተኛታት መንበሪ ኣባይቲ ከምኡውን ድሕንነት ብናጻ ምኽሪ ይህብ`ዩ ። ኣገልግሎት ምኽሪ ንስደተኛታት ዝዋሃብ ብቈጸራ ጥራይ እዩ ። በጃኻ ቅድሚ ምምጻእካ ናብ ወብ ሳይት WFMA ብዛዕባ ዝተገብሩ ምምሕያሻትን እዋናት በዓላትን ተወከስ።

10am to 12.30pm

ብኣካል: ዓርቢ ዓርቢ ካብ ሰዓት 10:00 ቕቕ ክሳብ ሰዓት-12:30 ድቐ (ኣብ ብላክ ሆርስ ሮድ ባፕቲስት ቸርች) Blackhorse Road Baptist Church, 65 Blackhorse Road, E17 7AS

ኢመይልl or ተሌፎን:

supportcentre@wfma.org.uk

07496 394 175



# ስራሕን ትምህርቲ ንዓበይትን

## ትምህርቲ ቛንቛ እንግሊዝን (ESOL) ትምህርቲ ንዓበይትን

እንግሊዝኛ ኽትመሃር ወይ ከኣ ናይ ዓበይቲ ትምህርትን ስልጠናን ክትረክብ ትደሊዶ ? ኣገልግሎት ምኽሪ ስደተኛታት (ሲንግል ፖይንት ኦፍ ኮንታክት) ብናጻ ኮርስ ንኽትረክብ ኪሕግዙካ ይኽእሉ እዮም ። ዝያዳ ሓበሬታ እንተ ደሊኻ ምስኦም ተራኸብ ።

ብኣካል: (ኣብ እዋን ትምህርቲ ጥራይ)
ሰኑይ፡

ሰኞ፡ ሰዓት 1 ክሳብ ሰዓት 4 ድሕሪ ቐትሪ ኣብ Leytonstone Library, E11 1HG

ሓሙስ፡ ሰዓት 3 ክሳብ 5 ድቅ ኣብ Stafford Hall, St Barnabas Church, St Barnabas Road, E17 8JY

## ስራሕ ምድላይ/ንምርካብ

ኣብ ዩናይትድ ኪንግደም ክትሰርሕ መሰል እንተ ኣልዩካ ስራሕ ንኽትረክብ ካብ ናይ ስራሕ ዕማም/ጉጂለ ዋልታሃም ፎረስት ናጻ ደገፍ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

ኢመይል or ተሌፎን:
adult.learning@walthamforest.gov.uk
020 8496 2974

## መሰል ሰራሕተኛታትን ደገፍ/ሐገዝ ንሰራሕን

ውሕስነት/ድሕንነት ምእንቲ ኺህልወካ መሰላት ስራሕካ ኽትፈልጥ ኣገዳሲ እዩ ። ኣብ ዩናይትድ ኪንግደም ሃገራዊ ትሑት ደሞዝ £9.50 ፓውንድ (ዕድመ 23+) £9.18 ፓውንድ (ካብ 21 ክሳዕ 22) £ 6.83 ፓውንድ (ካብ 18 ኽሳዕ 20) እዩ። ሓደ ሰብ ኣዚዩ ጹቡቅ ዝመስል ስራሕ (ሓላፍነት) እንተ ሂቡካ ወይ ከኣ ንጹር ዘይኰነ መዳያት እቲ ስራሕ እንተ ኣልዩ፡ እዚ ምልክት መጠንቀቕታ ኪኸውን ይኽእል እዩ።

Go online or phone:
www.workrightscentre.org/work-rights/
020 8496 4949

www.citizensadvice.org.uk/work/rights-at-work/
0800 144 8848



# Social activities ማሕበራዊ ንጥፈታት

ኣብ ዋልታሃም ፎረስት ኣካላዊ ምውስዋስ ንኽትገብርን ክእለት ንኽተማዕብልን ኣዕሩኽ ንኽተጥርን ዚሕግዘካ ብዙሕ ናጻ ነገራት ኣሎ።

ኣገልግሎት ምኽሪ ስደተኛታት (ውልቀ ሰብ ወይ ነቲ ስራሕ ተባሂላ ዝተመደበት ጉጅለ) ኣብ ከባቢኻ ብናጻ ማሕበራዊ ንጥፈታት ንኽትገብር ኪሕግዘካ ይኽእል እዩ ። ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ ደውልውልና/ተራኸበና

ተሌፎን ወይ ዋትሳፕ:

07770 054167

ብኣካል (ኣብ ናይ ትምህርቲ እዋን ጥራይ):

ሰኞ፥ ሰዓት 1 ክሳብ ሰዓት 4 ድሕሪ ቐትሪ ኣብ Leytonstone Library, E11 1HG

ሐሙስ፥ ሰዓት 3 ክሳብ 5 ድኽ ኣብ Stafford Hall, St Barnabas Church, St Barnabas Road, E17 8JY

## መንእሰያት

ብዛዕባ እቲ ንመንእሰያት ብናጻ ዚግበር ንጥፈታት ሓበሬታ ኽትረክብ ትኽእል ኢኻ ።

ኣብ ኢንተርነት Online:

wfmigranthub.org/free-activities-for-young-people/

Information about free activities for children during school holidays is updated regularly.

www.walthamforest.gov.uk/schools-education-and-learning/schools-and-colleges/holiday-activities-waltham-forest

## ዓበይቲ

ብዛዕባ ንዓበይቲ ብናጻ ዚግበር ንጥፈታት ሓበሬታ ኽትረክብ ትኽእል ኢኻ ።

ኣብ ኢንተርነት Online:

wfmigranthub.org/free-activities-for-adults/

## ሙዉቕ ቦታታት ኣብዚ ክረምቲዚ

ኣብዚ ቜራሪ ወርሓት እዚ ንኽትዘናጋዕን ማሕበራዊ ምትእኽኻብ ንኽትገብርን ምዉቕ ቦታ ትደሊ እንተ ኣሊኻ ዝርዝር እቲ ብናጻ ዚርከብ መንበሪ ኽፍሊ ማሕበረሰብ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

ኣብ ኢንተርነት Online:

www.walthamforest.gov.uk/get-involved/winter-spaces-network



# ህጹጽ ኵነታትን ዝያዳ ሓበሬታን

## ኣብ ህጹጽ ኵነታት እንተ ኣሊኻ ከምዚ ኢልካ ኽትድውል ትኽእል ኢኻ፦

- ናይ ህጹጽ ኩነታት ኣገልግሎት፡ 999
- ናይ ጥዕና ናይ ህጹጽ ኩንታት ምኽሪ: 111 ናይ
- ዞባዊ መንግስቲ (ሎካል ኦቶሪቲ): 020 8496 3000 (24 hours a day)
- ዋልትሃም ፎረስት ፖሊስ: 101 (ናይ ህጹጽ እዋን ዘይኮነ)
- ጽልኢ/ዓሌትነት ምሕባር: ንጽልኢ ደው ኣብል ዩኬ ደውለሎም/ኣዛራርቦም ብ0800 138 162 0800 138 1625 (መዓልታዊ 24 ሰዓታት ኣለዉ)

## ንስደተኛታት ተወሳኺ ሓበሬታ

ብዛዕባ እቲ ዘሎካ መሰልን ደገፍን ዝያዳ ሓበሬታ ኣብ ማይግራንት ሎንዶነርስ ሀብ ኽትረክብ ትኽእል ኢኻ ።

www.london.gov.uk/programmes-strategies/communities-and-social-justice/migrant-londoners-hub-0

## ከባብያዊ ናይ ምግቢ ባንክታት/ማእከላት

እዚ ኣብቲ ኸባቢ ዚርከብ ምቕሉል ማእከል ምግቢ ብናጻ ወይ ብሕሱር ምግቢ ንኽትረክብ ኪሕግዘካ ይኽእል እዩ።

ኢመይልl or ተሌፎን:

Info@EatorHeat.org
0800 772 0212
E4 8LT, E17 4QU, E11 4PP

---

RukhsanaKhanFoundation@outlook.com
07980 351351
E17 6QQ

---

HighamsParkFoodAid@gmail.com
E4 9QD

---

PL84UALSuffa@gmail.com
075393 64110
E11 4LJ

---

Info@hornbeam.org.uk
020 8558 6880
E17 9AH



# NRPF and Undocumented migrants ኤን. ኣር. ኤፍ. ከምኡውን ሰነድ ዘይብሎም ስደተኛታት

## ካብ ህዝባዊ/መንግስታዊ ማዕከን/ጸጋ (NRPF) ተጠቃሚ ኣይኮንካን እንታይ ማለት ኢዩ?

ዝኾነ ይኹን ናብ ህዝባዊ ማዕከን ዚወስድ መገዲ ናይ ህዝባዊ/መንግስታዊ ማዕከን/ጸጋ (NRPF) ተጠቃሚ ኣይኮንካን ማለት ንስደተኛታት ዚምልከት ኵነታት ኮይኑ፡ እዚ ኸኣ መብዛሕትኡ ጥቕምታት (በነፊት)፡ ደገፍ መንግስቲ ከም ታክስ ክረዲት) ወይ ናይ መንበሪ ደገፍ ክትረክብ ኣይትኽእልን ኢኻ ማለት እዩ።

እዚ ነቶም ካብ ቍጠባዊ ዞባ ኣውሮጳ ወጻኢ ዝመጹ ሰባት ዝምልከት ኢዩ፡ ንሳቶም ከኣ፡

- መንበሪ/መጽንሒ (ሊቭ ቱ ሪመይን) ፍቓድ ዘይብሎም
- ኣብ መንበሪ ፍቓዶም ወይ ቪዝኦም ካብ ህዝባዊ/መንግስታዊ ማዕከን/ጸጋ (NRPF) ተጠቃሚ ኣይኮንካ ዝብል ማሕተም ዝተወቓዓሎም ።
- ሓደ ሰብ ንኽነብር ወይ ንኽቕመጥ ከመልክት ከሎ ንመንበሪን ካልእ ደገፍን ባዕሉ ኪኽፍል ዝተሰማመዓ ምስዝኸውን
- ውጽኢት ውሳኔ ይግባይ ምልክታ ናይ ኢሚግሬሽን (ዑቕባ) ሕቶ ይጽበ እንተሃሊዩ

## እንታይ ዓይነት ሐገዝ ኣሎ?

ናይቲ ኣከባቢ መንግስቲ (ሎካል ጋቨርንመንት) ብሕጊ ነዞም ዝስዕቡ ሐገዝ ክገብር ይግብኦ እዩ።

- እተሸገሩ ቈልዑ፡- ሓንቲ ስድራ ቤት ግዳም ሓደር እንተ ኟንካ ወይ ከኣ መሰረታዊ ነገራት ንምሽፋን እኹል ገንዘብ እንተ ዘይብላ (ምግብን ክዳንን)
- ግዳም ሓደር ዝኾኑ ስንኩላን ወይ ኣረጋውያን

ከም ‘ህዝባዊ ገንዘብ’ ዘይተዘርዘረ ደገፍ ክትረክብ ትኽእል ትኸውን፡ ንኣብነት

- ትምህርቲ
- ክንክን ቆልዑ
- ክንክን ጥዕና
- ነጻ መግቢ ኣብ ቤት ትምህርቲ

## ካብቲ ካብ ህዝባዊ/መንግስታዊ ማዕከን/ጸጋ (NRPF) ተጠቃሚ ዘይሙኧን ክወጽእ ይኽእል ዶ?

ኣብ ዩናይትድ ኪንግደም ንኽትቅመጥ ናይ እተወሰነ ጊዜ ፍቓድ (ሊሚትድ ሊቭ ቱ ሪመይን) እንተ ኣልዩካ እሞ ኣብ ቪዛኻ ናይ ኤር. ኣር. ፒ. ኤፍ. (ካብ ህዝባዊ ገንዘብ ተጠቃሚ ኣይኮንካን) ማሕተም እንተ ኣልዩካ ካብ ህዝባዊ ገንዘብ ተጠቃሚ ክትከውን ምልክታ ከተቕርብ ትኽእል ኢኻ።

ነቲ ‘ ዅነታት ለውጢ’ ዝብል (ዝሐትት) ምልክታ/መመልከቲ ብናጻ ኽትመልኦ (ከተቕርቦ) ትኽእል ኢኻ፡ ጠበቓ ድማ ኣየድልየካን እዩ።

## ዝያዳ ሓበሬታን ደገፍን

**ፕሮጀክት 17**

www.project17.org.uk

07963 509044

**ዘ ዩኒቲ ፕሮጀክት**

www.unity-project.org.uk

ብዛዕባ ዝተራእየ ለውጢ ምልክታ ምቕራብ ፦

www.unity-project.org.uk/makeanapplication

**ዋልታሃም ፎረስት ማይግራንት ኣክሽን**

ብዛዕባ ስደተኛታት ንኣባይቲ ከምኡውን ንድሕንነት ዚምልከት ናጻ ምኽሪ

WF ማይግራንት ኣክሽን ሄልፕ ሰንተር፡ ዓርቢ ሰዓት 10 ናይ ንግሆ ክሳብ ሰዓት 12 30 ድ. ቐ. ኣብ ኣዳራሽ ቤተ- ክርስትያን ብላክሆርስ ሮድ ባፕቲስት 65 መገዲ ብላክሆርስ E17 7AS። (Blackhorse Road Baptist Church Hall, 65 Blackhorse Road E17 7AS) ተሌፎን ፦ 07496 394 175

07496 394 175

